# ዕዉት ጽንብል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ ኣብ ከተማ ከለን

ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ብዓል 8 መጋቢት ኣብ ከተማ ከለን ብዕለት 11.03.2017 " ዓል ኣንስተይቲ ዋሕስ ልኡላውንውትን ልምዓትን !!" ብዝብል ቴማ ብድምቀት ተኸብረ ።

መደብ ብዓል ብዝኽሪ ስማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ፡ ዋና ጸሓፊት ሃማደኤ ከለን መንእሰይ ወ/ት ቪቭያን ብርሃነ ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ምንዮት ብምቕራብ ፡ ናይቲ በዓል ትሕዝቶ መደብ ገለጸት። ስዒቡ ኣደ ወንበር ሃማደኤ ከለን ወ/ሮ ደሃብ እያሱ ረዚን መልእኽቲ ዝሓዘለ ቃል ሃማደኤ ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ኤርትራዊት ዓላንስተይቲ ኣብ ምርግጋጽ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዘርኣየቶ ጅግንነትን ጽንዓትን፡ ሕመረት ማዕርነታዊ ቦታኣ ምዃኑ ብምምልካት፡ ሕጂ'ውን ኣብ ምሕያል ሃገራዊ ጥምረትን ምዕዋት መደባት ልምዓትን ቃልሳ ቀጻሊ ከምዝኾነ ኣብርሀት። ወ/ሮ ደሃብ ቀጺላ ደቅናን ኣሕዋትናን ብጾትና ደቂ ተባዕትዮ ድማ ቃልሲ ኤርትራዊት ዓላንስተይቲ ዕዉት ንክኸውን ብእተበርከትዎ ደገፍ ዓቢ ሓበን ይስምዓና ክትብል መጎሳ ገለጸት።

ብማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ጉጅለ ህግደፍ ከለንን ድማ ናይ ዮሃናን መልእኽቲ ንቓልሲ ብጾቶም ኣባላት ሃማደኤ ከለን ዘተባብዕ ብጻይነታዊ ደገፎም ኣብ ዘቐረበሉ፡-
ብመጀመርያ ሎሚ ዓመት መበል 108 ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮን መበል 38 ዓመት ሃገራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮን ኣብ ድርኲኹት መበል 26 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ነብዕል ስለ ዘሎና ፍሉይ ትርጉም ከም ዘለዎ ዝገለጸ ዋና ጸሓፊ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ኣቶ መንግስተኣብ ኣርኣያ ሎሚ ንድሕሪት ተመሊስና መሰል ደቀንስትዮ ክንዛረብ ከሎና ሕጂ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ቅድም ህ.ግ. ንሕቶ ደቀንስትዮ ማዕረ ማዕረ ምሕራር ሃገር ይርእዮ ከም ዝነበረ ሕሉፍ ታሪኽ ይገልጸልና። ሎሚ ድሕሪ ነዊሕ ቃልስን መኸተን ኤርትራዊት ዓል ኣንስተይቲ መሰላ ሙሉእ ብሙሉእ ተፈቲሑ እዩ እኳ እንተዘይበልና ኣብ ኣጸቢቑ ዝሓሸ ኩነታት ትርከብ። እዚ ኸኣ ታሪኽና ከም ዝምስክሮ ብቐሊሉ ዝመጸ ዓወት ዘይኮነስ ፤ ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ስድርአን፣ በዓልቤተን፣ ከምኡ ውን ደቀንን ከይተረፈ ገዲፈን ኣንጻር ድርብ ጭቆና ዝተቓለሳ፣ ዝሰንከላ እታ ሓንትን ዝኸበረትን ህይወትን ዝኸፈላ ኣባላት ሕብረተሰብ ስለ ዘለዋና እዩ። ስለዚ ብሙሉእ መንፈስናን ቀልብናን ነተን ብህይወት ዘየለዋ እወ ሳላኽን ብዙሕ ዓሚምናን ሰጊርናን፣ ነተን ዘለኽን ከኣ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቅዓክን ንብል። ኣብ ጎንኽን ከም ዘሎና ውን ደጊምና ደጋጊምና መብጽዓ ንኣቱ ከብል ብሽም ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ናይ ዮሃና መልእቲ ኣቕረበ።

ኣደ መንበር ጉጅለ ህግደፍ ከለን ወ/ሮ ሆሆቴ ገብረሚካኤል ድማ ኣብ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ቃልሲ ደቀ ኣንስትዮ ካብ 1908 ኣብ ኣመሪካ፣ ኣብ 1911 ኣብ ኤሮጳ ዝፈለመ ኾይኑ፣ ኣብ ኤርትራ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ፈለማ ብህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ድማ ብመንግስቲን ግንባርን ንደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ማሕበረን መስሪተን ጐኒ ጐኒ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነትን ማዕርነትን መሰለንን ንኺቃለሳ ባይታ ዝተዋህበ መሰረት ነቲ መሰልን ማዕርነትን ደቀ ኣንስትዮ ዝገፍፍ ድሑር ባህልታትን ልምድታትን ብምጥፋእ ዓበይቲ ዓወታት እኳ እንተተብጽሐ ፤ ምሉእ ማዕርነት ዓል ኣንስተይቲ ንምርግጋጽን ምጭባጥን ገና ዓቢ ናይ ሓባር

*ስራሕ ከምዘድሊ ኣስመረትሉ። ብጾትክን ኣባላት ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለን ከምወትሩ ኣብ ጎንኽን ከምዘሎና ደጊና ነረጋግጽ ክትብል ወ/ሮ ሆሆቴ ሰናይ ምንዮት ብጾታ ኣቕረበት።*

*ቀጺሉ ኣብቲ ብሓላፊት ቁጠበን ንብረትን ሃማደኤ ከለን ብወ/ሮ ራህዋ ሃንስን ብጾታን ዝተምእከለን. ከለን ተወደበን መዘናግዒ መደባትን እኽለማይን ንኒጋዶ ብዓል ብምስታፍን ምውሳእን ፡ በቲ ብወናም ስነ ጥበባዊ ድምጻዊ ኣቶ ኣማኒኤል ገ/እዝጊኣብሄር (ኖርወይ) ዝቐረበ ዘይሕለል ውዕዉዕ ባህላውን ዘመናውን ትልሂት ብምዝንጋዕን ብተሳተፍቲ በዓል ዓቢ ኣድናቖት ከትርፍ ከሎ ፡ ከምኡ'ውን ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ብፍላይ ካብ ከተማ ፑፐርታል ብፍሉይን ብጥርንፍን ምዕሩግን ባህላዊ ኣገባባ፡ ዝተውሰኣ ኣባላት ሃማደኤን ፑፐርታልን ኣቦታትን ድማ ነቲ ብዓል ዝያዳ ኣማዕሪግዎ። ከምኡውን ዕድመ ኣኽቢሮም ካብ ከተማታት ሙንሸን ግላድባኽ ፤ኣኸን፤ ቦትሮፕ፤ ቦን ፤ ክረፈልድ፤ ኦበርሃውሰን፤ ድዙልዶርፍን ከለን ከባቢኡን ዝመጹ ግዱሳት ሃገራውያን ተሳተፍቲ ፡ ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀት ብምሃብ ፡ በቲ ብውህደት ኣባላት ሃገራውያን ውዳቤታት ከተማ ከለን ዝካየድ ዝነበር ምቕሉል እንግዶት ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ጽምብል 8 መጋቢት ተኻይዱ።*

*ዕድመ ን8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ!*
*ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽሪ ንሰማእታትና!*
*ዓወት ንሓፋሽ !*
*ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ከለን*